# ኤርትራውያን ተቐማጦ ኒውዚላንድን፡መኽተኦም ከምዘሕይሉ ኣረጋጊጾም።

መልበርን 09 መጋቢት 2011



ኣብ ኒውዚላንድ፡ ከተማታት ኦክላንድን ውሊንግቶንን ዝቕመጡ ኤርትራውያን ከም መቐጸልታ ናይቲ ዝካይድዎ ዘለዉ መደባት ምሕያል መኽተ፡ ሎሚ’ውን ንህልው ኩነታትን ሃገርናን ከባቢኡን ብዝምልከት ሰፊሕ ህዝባዊ ሰሚናር ከምዝካየዱ ቤት ጽሕፈት ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ካብ መልበርን ሓቢሩ። ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን፡ ኣቶ በሽር እድሪስኑር ኣብቲ ኣጋጣሚ ተረኺቡ፡ ኣብ ኤርትራ ዝካየዱ ዘለው መደባት ልምዓት፡ ብዝርዝር ክገልጽ እንከሎ፡ ብፍላይ መንግስቲ ኤርትራ፡ ብቐዳምነት ሂቡ ዝሰርሓሉ ዘሎ ብመግቢ ርእሰ ናይ ምኽኣል መደባት፡ ምምዕባል ትሕተ ቕርጺ፡ ዓቕሚ ሰብ ንምምዕባልን ፍልጠት ንኹሉ ዜጋ መታን ክበጽሕ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ምህናጽ ዘውጽኦ ዘሎ ገዚፍ ወጻኢታት ጽቡቕ ውጽኢታት ከርኢ ጀሚሩ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣቶ በሽር ኣብ መግለጺኡ፡ ኣብ 2010 ብሳላ’ቲ ምውህሃድ ኣካላት መንግስትን ሓረስቶትን ከምኡ’ውን፡ ብዓቐንን ዝርግሐን ዝምስገን ክረማት ብምንባሩ፡ ዘዕግብ ምህርቲ ከምዝተረኽበ ሓቢሩ። ብተወሳኺ ኣቶ በሽር መንግስትን ህዝብን በዚ ሎሚ ዓመት ተረኺቡ ዘሎ ብሉጽ እቶት ከይተዛነዩ፡ ነቲ ወሕስነት መግቢ ንሓዋሩ ከተኣማምን ዝኽእል ካብ ናይ ዝናብ ተጸባይነት ወጺኻ ብመስኖ ኣብ ናይ ምልማዕ ደረጃ ንብምጻሕ ዘይተሓለለ ጻዕሪ የካይዱ ከምዘለዉ ገሊጹ።

ንኹነታት ጸዓት ኣብ ኤርትራ ኣመልኪቱ ኣቶ በሽር ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣገዳስነት ጸዓት ኣብ ልምዓት ሃገር ብምግንዛብ ንጹር ናይ ጸዓት ፖሊሲ ን ስትራተጅን ብምሕንጻጽ፡ ኣብ መላእ ኤርትራ እንተላይ ኣብ ኣዝዩ ርሑቕ ገጠራት፡ ኣከባቢ ብዘየዕኑን ብተመጣጣኒ ዋጋ ንህዝቢ ከባጽሕ ብሓያል ጻዕሪ ይሰርሕ ከምዘሎ ሓቢሩ። ኣብ ዲፕሎማሲያዊ መዳይ፡ ኤርትራ እተርእዮ ዘላ ዘይሕለል ጻዕሪ ንኹሉ ደላይ ሰላም ጋህዲ እናኾነ ዝመጽእ ዘሎ ኮይኑ፡ ኣብ ሱዳን ዝተኻየደ ረፈረንዱም ብዘይብዙሕ ጸገማት ዝተኻየደ’ኳ እንተነበረ ድሕሪ’ቲ ኩነታት ክፍጠር ንዝኽእል ዘይድለዩ ሳዕቤናት ከይህሉ መንግስቲ ብቐረባ ዝከታተሎ ዘሎ ጉዳይ’ዩ ክብል ገሊጹ።

ብድሕሪ’ዚ፡ ንህልው ኩነታት መኽተ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ናይ ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ኣስፍሕ ኣቢሉ መግለጺ ኣቕሪቡ። ኣቶ በሽር ኣብ መግለጺኡ ዓማጺ ብይን ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዘሕለፎ ዘይቅኑዕ ውሳኔ ድሮ ሓደ ዓመቱ ኣሕሊፉ’ሎ ድሕሪ ምባል፡ እዚ ዘይቅቡል ውሳኔ ብሳላ’ቲ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከብ ተባዕ ህዝብና ፈሺሉ ጥራይ ዘይኮነስ ንሃንደስቱ ዘሕነኸ ከምዝነበረ ገሊጹ። ቀጺሉ ኣቶ በሽር ሕጂ’ውን እቲ ግጉይ ውሳነ ክሳብ ዝልዓል ኣብ መላእ ዓለም ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ብመንገዲ’ቲ ቅድሚ ሕጂ ዘካይዶ ዝነበር ናይ ተቓውሞ መልእኽትታቱ ሎሚ እውን ብቐጻሊ ናብ ዝምልከቶ ኣካላት ጥርዓናቱ ብውልቅን ብሓባርን ብዘይምስልካይ

የምሓላልፍ ከምዘሎ ሓቢሩ፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድ'ውን ብተመሳሳሊ ንዘርኣይዎ ዘለዉ ምርብራብ ብሉጽ ምስጋና ዝግባእ'ዩ ኢሉ።

ኣብ መጨረሻ ኣቶ በሽር፡ ኣብ ዝሓለፈ ክራማት ኣብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዓለምና ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ኤርትራ ብውልቅን ብስድራቤትን ብምኻድ ነቲ ብጸላእትና ዝተወጠነ ምኹን እገዳ ዓጸፌታዊ መልሲ ምንባሩ ድሕሪ ምዝኽኻር፡ መበል 20 ዓመት በዓል ናጽነት ሃገርና ኤርትራ ንምብዓል ኣብ እነሽባሽበሉ ዘሎና እዋን፡ ሕጂ'ውን ኣብ መላእ ዓለም ዝርከብ ህዝብና ነዚ በዓል ብድምቀት ኣብ ኤርትራ ንምኽባር ካብ ሕጂ በብኸባቢኡ ይወዳደብ ከምዘሎ ድሕሪ ምሕባር፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ኒውዚላንድ'ውን ነቲ በዓል ምስ'ቲ ጽኑዕ ህዝቦም ኣብ'ታ ሓላል ኤርትራ ንኸብዕሉዎ ንዝኽእሉ ካብ ሕጂ መደባቶም ከዳልዉ ጻውዒት ኣቕሪቡ።

ህዝቢ በቲ ዝቐረበሉ መብርሂታትን ንዘሎናዮ ናይ መኸተ መድረኽ ኣመልኪቱ ዝተፈላለየ ሕቶታትን ርእይቶታትን ኣቕሪቡ ብዝተዋህቦ ግቡእ ምላሽ ዕጋበቱ ድሕሪ ምግላጽ፡ ነቲ ዛጊት ከካይድዎ ዝጸንሑ ናይ መኸተ መደባቶም ሎሚ'ውን ኣብ ጎኒ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኮይኖም ብሓያል መንፈስ ክምክቱ ምዃኖም ገሊጾም። ከም መርኣያ ደገፎም ኣብ ከተማ ኒውዚላንድ ዝርከቡ ዜጋታት ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ዓሰርተ ኣርባዕተ ስድራቤት ሰውኣት ክኣልዩ ክመባጽዑ ከለዉ መኸተ ንምሕያል ድማ ወፈያታት ከምዝካየዱ ተፈሊጡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብኣጋጣሚ 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቀንስትዮ፡ ኣብ ከተማ ኦክላንድ ዝርከባ ደቀንስትዮ፡ ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራውያን ጨንፈር ኦክላንድ፡ ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን፡ ኣቶ በሽር እድሪስኑር ኣብ ዝተረኽበሉ ብወግዒ ከምዝመስረታን ነቲ ዕለት ብድምቕ ዝበለ ኣጋጣሚ ከምዘብዓልኦን ተገሊጹ። ብተወሳኺ ኣብሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ  ኣብ ከተማ ኦክላንድ ንዝርከቡ ኤርትራውያን ህጻናት ብቛንቋ ኣደ እተምህር ሓዳስ ቤት ትምህርቲ ኣብቲ ዕለት'ቲ ጠቕላሊ ቆንስል ሃገረ ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን፡ ኣቶ በሽር እድሪስኑር መሪቑ ኣብዝኸፈተሉ እዋን ኤርትራውያን ኣብ ኩሉ ክርንዓት ዓለም ኮይኖም መንነቶም ንምዕቃብ ዘርእይዎ ዘይሕለል ጻዕሪ ኣሞጊሱ።  ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ከተማ ወሊንግቶን ዝርከቡ ኤርትራውያን'ውን፡ መኸተ ንምሕያል ኩሉ ካብኦም ዝጥለብ ከማልኡ ድልዋት ምዃኖም ከምዝገለጹ ካብ ኒውዚላንድ ዝመጸ ሓብሬታ የረድእ።